NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

ሓቂታት ብዛዕባ COVID-19 ክታበት

# ክታበት (መርፍእ) ን COVID-19 ለበዳ ንምውጋእ ንጥቀመሉ መገዲ እዩ





እዚ ለበዳ እዚ ደው ንምባል፣ ኩሎም መከላኸሊ መሳርሒታትና ክንጥቀም ኣለና። ክትባታት ብሉጻት ጥዕና መሐለውቲን ሕማም መከላኸልቲን መንገዲታት እዮም። ክትባታት ምስ ናይ ሰውነትና ተፈጥሮኣዊ ምክልኻል ዓቅሚ ብምትሕብባር **ሰውነትና ነቲ ቫይረስ ንክከላኸል ድልው ክኾን ይገብር** ፣ እንተተቓሊዕኩም ማለት እዩ (እዚ ምክልኻል ዓቕሚ ሕማም ይበሃል)። ካልኦት ስጉምቲታት፣ ከም ኣፍንጫኻን ኣፈካን ዝሸፍን ማስክ ምግባርን ምሳኻ ካብ ዘይነብሩ ሰባት እንተንኢሱ 6 ፊት ምርሓቕን፣ ናይ COVID-19 ስርጭት ደው ንምባል ይሕግዙ።

መጽናዕቲታት ከምዘርእይዎ COVID-19 **ክትባታት** ብ COVID-19 ካብ ምትሃዝ ኣብ ምክልኻል ኣዝዮም ብቑዓት እዮም። ሰብ ሞያታት ናይ COVID-19 ክትባት ምውሳድ ዋላ COVID-19 እንተሒዝካ እውን ኣዚኻ ንከይትሓምም ይገብር ይብሉ። እዞም ክትባታት እዚኦም እቲ ሕማም ክሕዘካ ኣይገብሩን።



**ኣዞም ክትባታት ደሕንነቶም ዝተሓለዉ እዮም**። ናይ U.S. ክትባት ድሕንነት ሲስተም ኩሎም ክትባታት ክንድ ዝከኣል ደሕንነቶም ዝተሓለዉ ከምዝኾኑ የረጋግጽ። ኩሎም እዞም ኣብ ጥቓሚ ዝውዕሉ ዘለዉ ናይ COVID-19 ክትባታት ምስ ካልኦት ክሳብ ሕዚ ክምረቱ ዝጸንሑ ክትባታት ብተመሳሳሊ ተመሳሳሊ ናይ ደሕንነት ፈተና ከይዱ ሓሊፎም ስታንዳርዱ ዘማልኡ እዮም። ኣብ መላእ እዛ ሃገር ዘሎ ሲስተም CDC ናይ ደሕንነት ጸገም ከይህሉ ክቆጻጸር ዝገብርን እዞም ክትባታት ደሕንነቶም ተሓልዩም ክጸንሑ ከረጋግጽን ዝፈቅድ እዩ።



**ዝተፈላለዩ ናይ COVID-19 ክትባታት ቀሪባት ክኾኑ እዮም**። መብዛሕትኦም እዞም ክትባታት ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታ ብክልተ መርፍእ ምውጋእ እዮም ዝውሰዱ። እቲ ናይ መጀመርያ መርፍእ ሰውነትኩም ክዳሎ ይገብር። እቲ ካልኣይ መርፍእ እንተንኢሱ ሰለስተ ሰሙን ብምጽናሕ እዩ ዝወሃብ ሙሉእ ንሙሉእ ሓለዋ ንክህልወኩም። ክልተ መርፍእ ክትውግኡ የድልየኩም እንተተባሂልኩም፣ ክልቲኦም ክትውግኡ ኣለኩም። እዞም ክትባታት ብዝተፈላለዩ መንገዲታት እዮም ዝሰርሑ፣ እንተኾነ ግን ኩሎም ዓይነት ክትባታት ጥዕናኹም ዝሐልዉ እዮም።

The National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants (NRC- RIM) is funded by the U.S. Centers for Disease Control and Prevention to support state and local health departments working with RIM communities. Learn more at nrcrim.umn.edu. Last update: 02/25/2021.





እዞም ክትባታት ኣብ ሓደ ሓደ ሰባት ጎድናዊ ጸገም ከስዕቡ ይኽእሉ፣ ከም ቃንዛ ጭዋዳ፣ ድኻም ስምዒት፣ ቀሊል ረስኒ። እዞም ግብረ ምላሻት እዚኦም ማለት እቲ ክትባት ኣንጻር COVID-19 ሰውነትኩም ከመይ ክበአስ ከምዘለዎ የምህሮ ማለትእዩ እንተተቓሊዕኩም። ንመብዛሕትኦም ሰባት፣ እዞም ጎድናዊ ጸገማት ልዕሊ ሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ኣይጸንሑን። **እዞም ጎድናዊ ጸገማት ተፈጢሮምኻ ማለት COVID-19 ኣለካ ማለት ኣይኮነን።** እቲ መርፍእ ድሕሪ ምውጋእኸ ብዛዕባ ጥዕናኻ ሕቶ እንተሊካ፣ ናብ ዶክተርካ፣ ነርስ፣ ወይ ክሊኒክ ደውል። እቲ መድሓኒት ብዝምልከት ግን፣ ኣዝዩ ትሑት እዩ ግን ድማ ከቢድ ግብረ ምላሽ ክተረእዩ ትኽእሉ፣ ከም ምትንፋስ ዘይምኽኣል። እዚ ክፍጠረሉ ዝኽእለሉ ዕድል ትሑት እዩ፣ እንተተፈጢሩ ግን፣ ናብ 911 ደወሉ ወይ ኣብ ጥቓኹም ናብ ዘሎ ናይ ሃንደበታዊ ክፍሊ ኪዱ።

**ነቲ ክትባት ምስ ክትወስዱ ከለኹም፣ ንስኹምን ናይ ጥዕና ክንክን ወሃቢኹምን ማስክ ክትገብሩ ኣለኩም።**

CDC ኣብዚ ለበዳ እዚ፣ ሰባት ምስ ኣብ ገዝኦም ዘይነብሩ ሰባት ክራኸቡ ከለዉ፣ ኣብ ናይ ጥዕና ክንክን መሳለጢያታ፣ ከምኡውን ክትባት ከወስዱ ከለዉ፣ ናይ COVID-19 ክትባት እውን ሓዊሱ ፍንጭኦምን ኣፎምን ዝሸፍን ማስክ ክገብሩ ይመክር።







**ክትባትኩም ድሕሪ ምቕባልኩም እውን** ፣ ኣፍንጫኹምን ን ኣፍኩምን ዝሸፍን ማስክ ምግባር ክትቅጽሉ ኣለኩም፣ ኣእዳውኩም ዷጋፂምኩም ክትሕጸቡ ኣለኩም፣ ከምኡውን ምሳኹም ካብ ዘይነብሩ ሰባት እንተንኢሱ 6 ፊት ክትርሕቑ ኣለኩም። እዚ ንዓኹምን ካልኦትን በቲ ቫይረስ ከይትተሓዙ ዝሓሸ ሓለዋ ይህበኩም። ሕዚ፣ እዚ ክትባት ንክንደይ ገዜ ከምዝከላኸለልኩም ስ ሞያታት ኣይፈልጡን፣ ስለዚ ካብ CDC ን ናይ ጥዕና ክፍሊኹምን ዝወጹ መምርሒታት ምክትታል ኣገዳሲ እዩ። **ኩሉ ሰብ ወድያው ከምዘይክተብ እውን ንፈልጥ ኢና፣ ስለዚ ዓርስኹምን ካልኦትን ተኸናኸኑ።**

This translation is supported by the Centers for Disease Control and Prevention (CDC) of the U.S. Department of Health and Human Services (HHS) as part of a financial assistance award totaling $500,000, with 100 percent funded by CDC/HHS through an award to the National Resource Center for Refugees, Immigrants and Migrants. The underlying original content was developed by the CDC, but the translation is that of the author(s) and does not necessarily represent the official views of, nor an endorsement, by the CDC/HHS, or the U.S. Government.